ዝኸበርኩም ወለዲ፣

ትምህርቲ ኣገዳሲ እዝዩ እዩ። መኽንያቱ ከኣ ውላድኩም ኣብ ሃገር ጀርመን ጽቡቕ ህይወት ስለዘድልዮም እዩ። ካብዚ ተበጊስና እምብኣር በዚ ጽሑፍዚ ኣቢልና፣ ኣገዳሲ ሓበሬታ ብዛዕባ ትምህርቲ ዘርኢ ጒዳይ፣ ኣብ ሃገርና ፈደራላዊ ጀርመን ብፍላይ ከኣ ኣብ ራይንላን-ፋልስ ክፍሊ-ሃገር ክንሕብሮኩም ኢና።

ትምህርቲ ኣብ ራይንላንፋልስ ክፍሊ-ሃገር ዛጊት ኣብ መዋእለ ህጻናት (ኪንደር ጋርተን) እዩ ዝጅምር። ብኻልእ ኣዘራርባ፣ መዋእለ ህጻናት ወይ ኪንደር-ጋርተን ማለት ትርጒሙ፣ ህጻናት ምሉእ ምዓልቲ ኣብ መዋእለ ህጻናት ወይ ኪንደር ጋርተን ዝውዕሉሉ ቦታ ማለት እዩ። ስለዚ ውሉድኩም ኣብቲ መዋእለ-ህጻናት ምስ ካልኦት ህጻናት ብሓባር ክጻወተሉ ዝኽእልን ኣዕሩኽቲ ክረኽበሉን ከጥርየሉን ዝኽእልን ዕድል ይረክብ ማለት እዩ። ካብ ኩሉ ከኣ ህጻናት ኣብቲ መዋእለ ህጻናት፣ ብሓባር እንዳተጻወቱ ብፍላይ ቋንቋ ጀርመን ክምሃሩ ስለዝኻሉ እዩ። ስለዚ እምብኣር ደቅኹም ብዝክኣል መጠን ብእዋኑ ኣብ መዋእለ ህጻናት ክምዝገቡ ከለው ሓደ ዓቢ ዕድል እዩ። ነብሲ-ወከፍ ህጻን ኣብ ራይንላን-ፋልስ ክፍሊ-ሃገር፣ ካብ ሓደ ዓመት ዕድሚኡ ኣብ መዋእለ ህጻናት ንኽኣቱ መሰሉ ሕሉው እዩ። ስለዚ እንተድኣ ንስኹም ወለዱ ፍቓደኛታት ኰንኩም ከኣ፣ ውላድኩም ኣብቲ መዋእለ ህጻናት ቦታ ወይ ሰፈር ንኽረክብ መሰሉ ሕሉው እዩ። ዕድሚኡ ክልተ ዓመታት እንተድኣ ኮይኑ ግድነዩ ብነጻ ገንዘብ ከይከፈለ ቦታ መዋእለ ህጻናት ክረክብ መሰል ዘለዎ።

ምስተን ኣብ መዋእለ-ህጻናት ዝሰርሓ መዕበይቲ ህጻናት፣ ብግቡእ ተመያየጡ ኢኹም። ብተወሳኺ ነቲ ውላድኩም ህጻን ኣብቲ መጀመርያ ቀዳማይ ሰሙን፣ ነቲ መዋእለ ህጻናት ከመይ ከምዝረኽቦ ወይ ድማ ባህ ከምዝበሎን ከምዘይበሎን ንምፍላጥ ኣሰኒኹሞ ኣብቲ መዋእለ ህጻናት ክትከዱ ትኽእሉ ኢኹም። እዚ ንዓና ኣዝዩ ኣገዳሲ ጒዳይ እዩ። ንዓና ኣብ ሃገር ጀርመን፣ ንስኹም ከም ወለዲ መጠን፣ ኣብ ልዕሊተን ምዕበይቲ ህጻናት ብፍላይ እምነት ክህልወኩምን፣ ክትተሓባበሩወንን ሕቶታት ከኣ ክትሓቱወንን የገድሰና እዩ። ስለዚ ኩሉ ግዜ ሕቶታት ሕተቱ ኢኹም።

ኣብ ሓደ ሃገር እቶም ህጻናት ኣብ መዋእለ-ህጻናት ንኽኸዱ፣ እቶም ዓበይቲ ድማ ኣብ ቤት ትምህርቲ ንኽኸዱ ሓደ ቀዳማይ ስጉምቲ እዩ። ብትግሃት ምምሃርን፣ ጽቡቕ ውጽኢት ትምህርቲ ምሕፋስን፣ ኣብ ጀርመን ብጽቡቕ ምንባርን ስራሕ ምርካብን ዝሕግዝ ሓደ ዓቢ ረቛሒ እዩ። መኽንያቱ ድማ፣ ትምህርቲ ኣዝዩ ኣገዳሲ ስለዝኾነ፣ ንቤት ትምህርቲ ምኻድ ግድነት እዩ። እዚ ማለት ድማ፣ ኣብ ሕጊ ፈደራላዊት ራይንላድ ፋልስ ክፍሊ-ሃገር፣ ነብሲ-ወከፍ ቆልዓ፣ ቤት ትምህርቲ ክኸይድ ከምዘለዎ ብዓንቀጽ ሕጊ (§56 መሰረት (§56 Schulgesetz) ግዱድ እዩ።.

ውላድኩም ኣብ ቤት ትምህርቲ መታን ዕዉት ንኽኸውን ግና፣ ቋንቋ ጀርመን ብቕልጡፍ ክመሃር ኣለዎ። ሰዚ ከኣ እተን ኣብያተ ትምህርቲ ኣውራጃ ራይንላንድ ፋልስ ህጹጽ ትምህርቲ ይቕርባ። እብዚ ኮርስ እዚ ወይ ትምህርቲ እዚ፣ እተን ኣብያተ ትምህርቲታት ንኣስታት 20 ስዓታት ዝኣክል ትምህርቲ ጀርመንኛ

ቋንቋ ንኽቕርባ ድልዋት እየን። ምስቲ ትምህርቲ ጀርመኛ ቋንቋ ጎድኒ-ንጎድኒ ዝኸይድ ድማ፣ ውላድኩም ካብ መጀመርያ ጀሚሩ ምስቶም ጀርመናያን ደቂ ኣንስትዮን ተባዕትዮን ብሓባር ስለ እዩ ቋንቋ ጀርመን ክፈልጥ ከሎ ድማ፣ ጎድኒ-ንጎድኒ ምስቶም ጀርመናውያን ዕርክነትን ርክባት ከማዕብል ይኽእል ስለዝኾነ እዩ። እቶም ዓይነት ትምህርቲ ድማ፣ ንመረዳእታ፣ ስእልታት፣ ሙዚቃ ስፖርት ከምኡውን ውላድኩም ኣንግሊዝኛ ዝፈልጥ እንተድኣ ኮይኑ፣ እንግሊዝና።

ሓደ ጽቡቕ ቤት ትምህርቲ፣ ምትእምማንን ምስ ወለድን መማህራንን ተማሃሮን ብሓባር ምስራሕ ክህልዎ ይግባእ። ኣብቲ ቤት ትምህርቲ ሃገርና ድማ ብዛዕባ ስርዓተ ትምህርቲ ሓበሬታ ክትረኽቡ ትኽእሉ ኢኹም።

ብዛዕባ ምዕባሌ ትምህርቲ ደቅኹም ንኽትፈልጡ ምስ እትደልዩ ድማ፣ ኩሉ ግዜ ንመማህራን ይኹን ንሓለቓ ቤት ትምህርቲ ሕቶታት ክትሓቱ ትኽእሉ ኢኹም።

ኣብ ሃገር ጀርመን ንዓኹም ጽቡቕ ንምነየልኩም፣ ንደቅኹም ድማ ኣብዚ መዋእለ ህጻናት ዓወት ንኽረኽቡ ንምነየሎም

ወይዘሮ ኢረነ ኣልት (Frau Irene Alt)
ሚንስተር ሃገር ምትሕብባር ወጻእተኛታትን፣ ስድራቤትን፣ ህጻናትን መንእሰያትን ደቂ ኣንስትዮን

ቬራ ራይስ: (Vera Reiß)
ሚንስተር ትምህርትን ስነጥበብን ቀጻሊ ትምህርት ባህልን